KANTON AARGAU

hallo — aargau.ch

# ቋንቋ

**አብ ካንቶን ኣርጋው: ቋንቋ ጀርመን ፈጸሞም ዘይዛረቡ ሰባት: ቋንቋ ጀርመን ክመሃሩ ትጽቢት ይግበረሎም። ኣፍልጦ ቋንቋ: እቲ ቀንዲ ረቛሒ ንናይ ስራሕ ዓለምን ኣብ ውሽጢ እቲ ሕብረተሰብ ዝጥለብን እዩ።**

## ላዕለውይ ጀርመን / ስዊስ ጀርመን

ኣብ ስዊስ ኣርባዕተ ሃገራዊ ቋንቋታት ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ: ጀርመን: ፈረንሳይ: ጥልያንን ራቶሮማኒሽን እዮም። ኣብ ካንቶን ኣርጋው: ቋንቋ ጀርመን ናይ መንግስቲ ቋንቋ እዩ። እዚ ላዕለውይ ጀርመን (Hochdeutsch) ስዊስ ጀርመን (Schweizerdeutsch) ተባሂሉ ኣብ ክልተ ይምቀል። ኣብ ትምህርትን ብከፊል ከኣ ኣብ ራዲዮን ተለቭዥንን ላዕለውይ ጀርመን ይዝረብ። ኣብ ጽሑፍ ከኣ ላዕለውይ ጀርመን ይጸሓፍ። ኣብ መዓልታዊ ሂወቶም ሰባት ስዊስ ጀርመን ብብዝሒ ይዛረቡ። ምስዚ ናይ ከባቢ ዲያለክት/ልምዳዊ ዘረባ ኩሉ ግዜ ዋላ ነቶም ጀርመናዊያን ተዛረብቲን ክእለት ጀርመን ዘለዎም ሰባት ክርድእዎ ቀሊል ኣይኮነን: ምስ ግዜ ግን ይርድኦም። ወጸእተኛታት ስዊስ ጀርመን ክዛረቡ ኣይግደዱን ወይ ትጽቢት ኣይግበረሎምን። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሰባት ላዕለዋይ ጀርመን ክዛረቡ ይሕተቱ።

## ቋንቋ ጀርመንን ቆልዑትን

ተዛረብቲ ካልእ ቋንቋ ዝኾኑ ቆልዑት ብእዋኑ ብንኣሽትኦም ምስ ተዛረብቲ ቋንቋ ጀርመን ዝኾኑ ቖልዑት ከምዝጽምበሩን ዝላለዩን ክግበር ይግባእ። ነዚ ስነሓሳባዊ ዝኾኑ ኣብነታት ናይ ቆልዑት መውዓሊ ወይ ካልእ ፍሉይ ንወለዲን ቆልዑትን ዝወሃብ ቀረባት እዮም። ወለዲ ንደቖም ክሕግዝዎም: ምስእቶም ክዛረቡን ታሪኽ ክነግርዎምን: ደቆም ክዛረቡ ከለዉ ክሰምዕዎምን ይግባእ። ወለዲ እቲ ንሳቶም ዝመልክዎን እቲ ንዕኦም ዝስዕብን ክገብሩ ይግባእ።

## ምትርጓም

ዝኾነ ሰብ ብቐጥታ ኣብ ስዊስ ምስኣተወ: ኸው ንሽው ቋንቋ ጀርመን ክርዳእን ክዛረብን ትጽቢት ኣይግበረሉን።ስለዚ ሰብ ምሉእ ርድኢት ክህልዎ ዝጥለበሉ ኩነታት ኣሎ። ብዙሓት ሓደስቲ ኣጋይሽ ዝኾኑ ሰባት ንኣዝማዶም ወይ ንፈልጥቶም ክትርጉምሎም ይሓቱ። ኣብ ዝተሓለኹን ብምስጢር ክትሓዙ ዘለዎም ጉዳያትን ምዝርራብ ኣብ ዝግበረሉ ክኢላታት ተርጎምቲ ሰባት ከምጽኡ ይድለ። ካብ ወገን ባህልን ልምድን ዝፈልጡ ናይ ወገን ተርጎምቲ ኣብዚ ጉዳይ ፍሉይ ክእለት ስለዘለዎም ባህላዊ ፍሉይነቶም ስለዝርድኡ ከኣ ተመረጽቲ ተርጎምቲ እዮም። ኣብ ብሩግ ወይ ባደን ዝርከብ ናይ ስዊስ ቀይሕ መስቀል(SRK) ወሃብ ናይ ጽሑፍ ኣገልግሎት(Schreibdienst): ኣብ ምትርጋም ጽሑፋት: ምርዳእ ጽሑፋት ደብዳቤታትን ምምላእ ፎርምታትን ሓገዛት ይጠልብ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.merhaba-aargau.ch/ti/language-and-integration/language